# ፍኖተ መስቀል

## ጸሎት

### ቅድሚ ፍኖተ መስቀል ኣብ ቅድሚ ታቦት ዚድገም

ኦ!ኢየሱስ መድኃኒና፣ እንካብ ከፉኣት ዝተቐበልካዮ ግፍዕን ፍርድን ክንሓስብ እነሆና ተቐሪብና። ብኃዘንን ብፍቕርን ምእንቲ ክንሰዕበካ፣ ናብ ቀራንዮ ምስ በጻሕና ከዓ ንኃጢኣትና ኣብ ዕንፀይቲ-መስቀልካ ሸንኪርና፣ ናይ ጣዕሳ ንብዓት ምእንቲ ክነፍስስ፣ ናይ ሕማማትካ ብርታዔ ኣብ ውሽጢ ልብና ሠኣለልና። ነዚ እንገብሮ ዘሎና ናይ ሥቓያትካ መንፈሳዊ ጉዕዞ፣ ምእንቲ ርእስናን ምእንቲ ሰብ-ንስሓቦታን ምእንቲ ፈተውትናን ጸላእትናን ገበርቲ-ድሙዕናን ከትቕበለልና ንልምነካ ኣሎና።

ኣቦና ኣብ ሰማያት.......

ነኢጋርካ ሰላም: ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ዝቖማ፣
ኢየሱስ መድኅን: ንጉሠ ፌማ፣
ዘሸነፍካዮ: ኃይሊ መስቴማ፣ ክብሪ ነኣኸ።



ቀዳማይ ሥእሊ:-

መድኃኒና ኢየሱስ ንሞት ከምዝተፈርደ የተሓሳስበና።



ለመስቀልከ ንሰግድ እሊቅነ፣ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ከልነ፣ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።

ጸሎት:- ንጽጉማት ከንደዝደማዕካ ንሞት ዝፈረዱኻ ሰባት ብሓቂ ከፉእ ገበሩ። እንተኾነ ንሕና ከኣ ኃጢኣት ብምግባርና ኣብ ማእከሎም ተረኺብና ኢና እሞ ምሕረትካ ሃበና። *****

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና ኣብ ሰማያት....)

ቢታ ይሁዳ: ዚፈልጣ ለይቲ፣
ኣብ ጌተሰማኒ: ኣብ ኢታኸልቲ፣
ተቐበልካዮ: ዕዳ መቕጻዕቲ፣ የቐህ ኢየሱስ።

1



ካልኣይ ሥእሊ:-

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንዕንፀይቲ መስቀል ሓቝፉ ከምዝተሸከሞ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ ንሰግድ እሊቅነ፣ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ከልነ፣ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።

ጸሎት:- ንዘቕረቡልካ ዕንፀይቲመስቀል ሓቝፍካ ዝተሸከምካ ኢየሱስ! ንሕና ኸኣ ንዕለታዊ መስቀልና ብትሕግስ ጸዊርና፣ ከም እንሰዕበካ ግበረና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

ቍስሊ ሓዘልካ: ኃጢኣት ጾርካ፣
ተነበየሞ ነብይ: ብኣኻ፣
ርስሓት ኃጢኣት: ዘይለገበካ፣ ኦ የቐህ ኢየሱስ።

2



ሣልሳይ ሥእሊ:-

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንመጀመርያ ግዜኡ ከምዝወደቐ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ...

ጸሎት:- ዕንፀይቲ መስቀል በርቲዑካ ዘይኮነስ፣ ኃጢኣትና ጸቒጡካ መዠመርያ ግዜኻ ኣብ መንገዲ ዝወደቕካ ኢየሱስ፣ ምእንትኻ ናብ ምድሪ ዝወረረ ረሃጽካን ደምካን መሓረና፣ ብኃጢኣትና ከምእንጸየፍን ናብኡ ከምዘይንምለሰን ግበረና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

ብግዜ ድቃስ: ጸሎት ምስተገብረ፣
ካብ ግርማ ገጽካ: ረሃጽ ወረረ፣
ኣብ ምድሪ'ውን: ደምካ ዓቘረ፣ እየቐህ ኢየሱስ።

3

# ፍኖተ መስቀል

## ራብዓይ ሥእሊ፡-



ኢየሱስ መድኃኒናን ማርያም ኣደናን ኣብ መንገዲ ከም ዝተራኸቡ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ..

ጸሎት፡- ብረሃጽን ብድኻምን ብደምን ዝረሳሕካ ኦ ብፋህ ገጽ ኢየሱስ፣ ብሓዘን ዝደረቐካ ኦ! ርኅሩኅ ልቢ-ማርያም ናብ ክንድ'ዚ ዚመርር ሓዘን ዘውደቐኩም ኃጢኣትና በደልና ከምዝኾነ ንፈልጥ። ይቕረ በሉልና፣ ይቕረ በሉልና፣ ድኅሪ ሕጂ ኣይክንብድለኩምን ኢና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

እኖ በልዮ: ንወድኺ እብኖዲ፣
*ንስኻ: ናይ ምሕረት ሰዓዲ፣
እንተበደለካ: ፍጡር ኣባዲ፣
ምእንቲ ነፍሱ: ኣነ እፈዲ፣ ኣየዋህ ኢየሱስ።

4

## ሓሙሻይ ሥእሊ፡-



ስምዖን ቀሬናዊ ናይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስ ቶስ ዕንፀይቲ መስቀል ኪሸከም ከምዝተገደደ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ...

ጸሎት፡- ኦ ንኹሎም ፍጡራት እተበርትዕ ብርቱዕ ኢየሱስ! ዓቕምኻ ደኺሙ ንመስቀልካ ኪሸከም ዝተገደደ ቀሬናዊ፣ ንዝተዋህበም መስቀል ብትዕግሥቲ ኪጾሩ ናይ ዘይደልዩ ሰባት ምልከት ከምዝኾነ ንፈልጥ፣ ብዝሓለፈ ይቕረታ ንልምን፣ ንዚመጽእ መስቀልና ጸዊርና ክንስዕበካ ስንዱዋት ከምዝኾንና ነረጋግጸካ ኣሎና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

ብግዜ ጸሎት: ተንሥኡ ምስበልካ፣
ንተኸተልቲ: ዝኣመኑኻ፣
ናይ ቅድስናኻ ምሕፅንታ ሃብካ። ኣየዋህ ኢየሱስ

5

## ሻድሻይ ሥእሊ፡-



ኣብ ናይ ቅድስቲ ቨሮኒካ መጕልበቢ፣ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መልክዕ ተሣኢሉ ከም ዝተረፈ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ...

ጸሎት፡- ኦ!ጥዑም ኢየሱስ ንታ እንካብ ብፋህ ገጽካ ደምን ረሃጽን ርስሓትን ብኽዳና ዝሓንሰስትልካ ዕውቲ ቨሮኒካ ሥእሊ ብፋህ ገጽካ ብተኣምራት ኣብ ከዳና ዝኃተምካላ፣ ናይ ሕማማትካ ቍስሊ ኣብ ውሽጢ ልብና ኅተመልና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

ብርቱዕ መቕጸዕቲ: ኣካ! ረኸበካ፣
ንብፋህ ገጽካ: ምስርስሑልካ፣
ዂሎም ኃቢሮም: ተላገጹልካ። ኦ የዋን ኢየሱስ።

6

## ሻብዓይ ሥእሊ፡-



ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ መስቀሉ ንካልኣይ ግዜ ከምዝወደቐ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ...

ጸሎት፡- ኦ ጥዑም ኢየሱስ፣ ካልኣይ ግዜ ዝወደቕካ ናብ ኃጢኣት ተመሊስና ከምዘይንወድቕ ግበረና። ቅድሚ ሎሚ ዝገበርናዮ ኃጢኣትና የኣኽለና፣ ካብ ሎሚ ንደሓር ፈተውትኻን ተኣዘዝትኻን ኮይንና ንከንብር ቍርጺ ፍቓድ ንገብር ኣሎና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

ከም የዋሕ በጊዕ: ከም ብዕራይ መግዝእ፣
መሥዋዕቲ ድኅነት: ንዕቡድ ኃጥእ፣
ኣዞሩኺዶ: ባይቶ መጋፍዕ። ኣየዋን ኢየሱስ።

7

# ፍኖተ መስቀል



## ሻሙናይ ሥእሊ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድኻሙ ገዲፉ፣ ንዘበኽያሉ ሕያዎት ኣንስቲ ከምዘጸናንዐን የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ..

ጸሎት፡- ነተን ዝበኽያልካ ሕያዎት ኣንስቲ ብኃጢኣትከን እምበር ብኣይስ ኣይትብከያ ኢልካ ዝመኸርካየን የዋህ ኢየሱስ፣ ብኃጢኣትና ከምእንበከን እንጽየፍን ግበረና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና ኣብ ሰማያት..)

ካብ ልቢ ይርሓቕ: ግብሪ መስሓቲ፣
ካባና ይህደም: ጸልማት ናይ ለይቲ፣
ኢየሱስ ጥዑም: ታቦር ብርሀቲ። ክብሪ ነኣካ።

8



## ታሽዓይ ሥእሊ፡-

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ መስቀሉ ሣልሳይ ግዜ ከምዝወደቐ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ....

ጸሎት፡- ኣብ ደምካን ረሃጽካን ተኣሊኽካ ሣልሳይ ግዜ ዝወደቕካ ጥዑም ኢየሱስ፣ እቲ ተመላሊስና እንገብሮ ኃጢኣትና ከምዘሕዝነካ ንፈልጥ ብዝሓለፈ ከቶእ ግብርና ተጸፂፍና፣ ይቕረታኻ ንልምነካ ኣሎና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

ሽለምካዮም እምበር: ሃብቲ ናይ ጸጋ፣
ዘይሃቡኻ'ኳ: መሰል ናይ ሥጋ፣
ኢየሱስ የዋህ: ንጉሥ ናይ ኣልጋ። ክብሪ ነኣኻ!

9



## ዓሥራይ ሥእሊ፡-

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክዳኑ ከም ዝተገፈፉዎን መሪር ሓሞት ከምዘስተዩዎን የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ..

ጸሎት፡- ኦ!ጥዑም ኢየሱስ ንቶም ክዳንካ ገፊፎም መሪር ሓሞት ዘስተዩኻ ከቶኣት ኣይሁድ እናዘከርና፣ ንልብሲ ንጽሕናና ከይንጥፍኦ፣ ተጠንቂቕና ከምእንነብር ከትገብረና ንልምነካ ኣሎና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

ሀሩም ጕድንኻ: ርሑው ፈልፋሊ፣
ሰተኻ ሓሞት: መሪር ቀታሊ፣
ጸማኢ ኃየል: ማያት ከትደሊ። የዋህ ኢየሱስ።

10



## መበል 11 ሥእሊ፡-

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዕንፀይቲ መስቀል ከም ዝተሸንከረ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ..

ጸሎት፡- እተን ዚባርኻ ዝነበራ ኣእዳውካ፣ ከጸናንዓ ዚኸዳ ዝነበራ ኣእጋርካን፣ ኣብ ዕንፀይቲ መስቀል ደሪቐን ይጥምታና ከም ዘለዋ ንርኢ። ኦ ጥዑም ኢየሱስ ከም ቃልካ ክንነብር ሰንድዋት ከምዝኾና ነፍልጠካ ኣሎና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቦና...)

ንስቑል ሰላም: ኣብ መንን ሰረቕቲ፣
ዘይፈልጥ ኣኳ: ግብሪ ክፍኣቲ፣
ሠዓረ ባዕሉ: ፍትሒ መውቲ እየን። የዋህ ኢየሱስ።

11

# ፍኖተ መስቀል



**መበል 12**

**ሥእሊ:-**

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዕንፀይቲ መስቀል ተሸንኪሩ ድኅሪ 3 ሰዓት ከም ዝሞተ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ..

ጸሎት:- ኣብ ዕንፀይቲ መስቀል ርእሰኻ ኣድኒንካ ከትመውት እንከሎኻ፣ ከፉእ ንዝገበሩኻ ይቕረ ዝበልካ ኢየሱስ መድኃኒና፣ ነኣናውን ብዝገበርናዮ ኃጢኣትና ይቕረ ከትብለልና ንልምነካ ኣሎና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቡና...)

ነፍሱ ከትወጽእ: ከሎ ምስ ፈርሐ፣
ኪብል እንከሎ: ኤሎሄ ኤሎሄ፣
ኢየሱስ ልዋም: ኣምላኽ ርኅራኄ። ክብሪ ነኣኻ!

12



**መበል 13**

**ሥእሊ:-**

እግዝእትነ ማርያም ንናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣስከሬን ኣብ ኢዳ ከም ዝተቐበለት የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ...

ጸሎት:- ናይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣስከሬን እንክትቅበሊ ብርቱዕ ዝሓዘንኪ እማርያም ኣደና፣ እንካብ ከፉእ ግብርና ተንሲእና፣ ምስ ጸጋ-ወድኺን ኣብ ፍቕርኺን ከም እንመውት ግበርና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቡና...)

ከቡር ዕፀመስቀል: ዓራት ወርቂዘቦ፣
ጌጋ ኃጢኣት: ኣባኡ ዘየልቦ፣
ኢየሱስ ውግእ: ሀሩመ ገቦ። ክብሪ ነኣኻ።

13



**መበል 14**

**ሥእሊ:-**

ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣስከሬን ናብ መቓብር ከምዝወረደ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ..

ጸሎት:- ኦ! የዋህ ኢየሱስ፣ ናብ መቓብር ዝወረድካ ናይ ክፍኣትና ግብሪ ኣብ ምሥጢር ንስሓ ቐቢርና፣ ናብ ምሕዛንካ ንክንምለስ ዘየፍቅደልና ብርቱዕ ጸጋኻ ክትህበና ንልምነካ ኣሎና።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቡና...)

ዕጨታት ኣእዳው: ናይ ከልተ ጻድቃን፣
ገንዙኻዶ: ብጸዕዳ ከዳን፣
ኢየሱስ መድኅን: ትንሣኤሙታን። ክብሪ ነኣኻ!

14



**መበል 15**

**ሥእሊ:-**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሞት ስዒሩ ከምዝተንሥአ የተሓሳስበና።

ለመስቀልከ..

ጸሎት፣ ንሞት ስዒርካ፣ ንኃይሊ ሰይጣን ኣሲርካ ንደቂኣዳም ሓራ ዘውጻእካ ኦ ኢየሱስ፣ ካብ ሞት-ኃጢኣት ንምትንሣእ ኣብ እንገብሮ ጻዕሪ ወትሩ ክትድግፈና፣ ደንጉላ ዛሕሊ ከተልግሰልና ንልምነካ።

ኣቡነ ዘበሰማያት (ኣቡና...)

ዕጨታት ኣእዳው: ናይ ከልተ ጻድቃን፣
ገንዙኻዶ: ብጸዕዳ ከዳን፣
ኢየሱስ መድኅን: ትንሣኤሙታን። ክብሪ ነኣኻ!

15

**ጸሎት**

ናይ ፍኖተ-መስቀል ሥሬት-ኃጢኣት ምእንቲ ከትረክብ ከም ሓሳብ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዚግበር ጸሎት (ኣብ ቅድሚ መንበረታቦት ተንበርኪኻካ)

1. ኣቡነ ዘበሰማያት፣ ሰላመ ገብርኤል፣ ኦ!ማርያም ዘተጸነሰኪ፣ ሰብሓት ለኣብ" ድገም፣ ብድሕሪ'ዚ ነዚ ዚሰዕብ ጸሎት በል።

2. ናይ ኢየሱስ ወድኻ መሥዋዕቲ ዝተቐበልካ እ እግዚኣብሔር ኣቦና፣ ዝገበርናዮ ናይ ሥቓያት ወድኻ ዑደት ተቐበል።

3. ምእንቲ ድኅነትና ሥጋና ዝለበስካ እ ኢየሱስ ናይ ሥቓያትካ ዝኽሪ እንካብ ሓሳብና ከምዘይለቅቕ ግበረልና።

4. ቐጻሲና ዝኾንካ እ! መንፈስ ቅዱስ ብፍቕርኻን ብፍቕሪ-ማርያም ታቦትካን ኢቃጽለና ናይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሕማማት፣ ንወትሩ ኣብ ውሽጢ ልብና ተሣኢሉ ከምዚተርፍ ግበረልና። ኣሜን።